POLITIET

**ጎነጻዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ቪድዮታት ብዘይሕጋዊ መገዲ ምቕዳሕን ምዝርጋሕን**

ብሕታውን ዘዋርዱን ምስልታት* ፣ ቅዳሓት ድምጽን ቪድዮን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ምዝርጋሕ ኣብ ኖርወይ ኣብ ህጻናትን መንእሰያትን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ጸገም እዩ። ሓደ ነገር ብኢንተርነት ምስ ተዘርግሐ ክትድምስሶ ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

ብማሕበራዊ መራኸቢ ኣቢልካ ጎነጻዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ቪድዮታት ምዝርጋሕ ናብ ዝገደደ ጎነጽ ክመርሕ ይኽእል ከምኡ’ውን እቲ ቆላሕታ ናይ ምርካብ ድሌት ነቲ ጎነጽ ዝያዳ ከቢድ ክገብሮ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ከምዚ ዝኣመሰሉ ምስልታት ክዝርግሑሉ ዝኽእሉ ደረት ዳርጋ የለን።

ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሓሲብካ’ዶ ትፈልጥ ?

ናይ ሓደ መጥቃዕቲ ቪድዮ ሼር ምግባር ማለት ነቲ ግዳይ መሊስካ ትጎድኦ ኣለኻ ማለት ምኳኑ?
ብሕታውን ዘሕስርን ስእልታት ብኢንተርነት ይርአ ኸም ዘሎ ምፍላጡ ንናይ ግዳይ ስምዒት ኣብ ጥሕሰት መሰል ዘጋድድ ምኳኑ?

እቲ ሕጊ ኣብ ሞባይል ተሌፎንካ እውን ከይተረፈ ይምልከት እዩ

ብዙሓት ቈልዑን መንእሰያትን ነቲ ሕጊ ኣይፈልጥዎን እዮም ። መብዛሕትኦም ሰባት ጎነጽ ዝመልኦም ቪድዮታት ምቕዳሕን ምዝርጋሕን ጽቡቕ ከም ዘይኮነ ዚፈልጡ እኳ እንተ ኾኑ ገሊኦም ግና ገበን’ውን ምኳኑ ኣይፈልጡን ይኾኑ ።

ንዓኻኸ እዚ ኣጋጢሙካ ዶ ?

- ሓገዝ ርኸብ ። ንሓደ እትኣምኖ በጽሒ ኣዘራርብ ።
- ስክሪን ሾት ውሰድ እሞ ናይቲ ዘጋጠመ መርትዖ ሓዝ።
- ጎነጽ ዝመልኦ ቪድዮ እንተ ረኺብካ ንካልኦት ኣይተካፍል። ከም መርትዖ ዝድለ እንተዘይኮይኑ ነቲ ቪድዮ ደምስሶ።
- ነቲ ጉዳይ ናብ’ቲ ኣፕሊኬሽን ወይ ናብ ኣገልግሎት እቲ መርበብ ሓበሬታ ኣቕርብ።
- ምኽሪ እንተ ደሊኻ ብመስመር ኢንተርነት ምስ ዚሕልዉ ፖሊስ ወይ ምስ መደበኛ ፖሊስ ብተሌፎን ቍ. 02800 ተዘራረብ።
- ተወሳኺ ምኽሪ ኣብ slettmeg.no ከምኡ’ውን ኣብ ung.no ክትረክብ ትኽእል ኢኻ (ብቋንቋ ኖርወይ ጥራይ)።

**ወለዲ እንታይ ኪገብሩ ይኽእሉ ?**

ቈልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ ብኢንተርነት ዘጋጠመ ነገር እንተ ተጨኒቖም ንወለዶም ወይ ንኻልኦት ዚኣምኑዎም ዓበይቲ ሰባት ከዘራርቡ ከም ዝኽእሉ ክፈልጡ ኣለዎም ። ንደቅኻ ኣዘራርቦም፡ ምርድዳእ ኣርእዮም፡ ሕቶታት ሕተቶም ከምኡ’ውን ሳዕቤናት ጎነጽን ምዝርጋሕ ጎነጽ ዘለዎም ቪድዮታትን ንገሮም። እዚ ከኣ ውሉድካ ቅኑዕ ምርጫ ንክወስድ የኽእሎ እዩ።

politiet.no/deleerlikdelta

DELE=
DELTA

* ብሕታውን ዘዋርዱን ምስልታት ሓደ ሰብ ከም ዓመጽ፡ ምፍርራሕ ወይ ውርደት ክወርዶ ከሎ ዜርእዩ ምስልታት ወይ ጾታዊ ባህሪ ዘለዎ ምስልታት ከጠቓልሉ ይኽእሉ።